**ፖለቲካ ሳይንስ ኢዩ ጥበብ ኢዩ ባህላዊ ጸወታ ጵውጵዋይ ኣይኮነን**

ገለ ካብ ነበብትን ተኻታተልትን ጽሑፈይ ብዛዕባ'ዚ ዘሎ ገልጠምጠም ንምንታይ ከምቲ ልሙድ ሓሳብካን ትዕዝብትኻን ዘይትገልጸልና ክብሉ ዝጸሓፉለይን ገለ ድማ ደዊሎም ዝተወከሱንን ኣለው። ንኹሎም እቶም ብቕንዕና ዝተወከሱኒ... ዝሃብኩዎም መልሲ ሓንቲ ኢያ። ንጫውጫው  ንመዓመሪ ዩቱብ ንውልቀ ረብሓ ሒደት ሰባት ኣብ ዘገልግል ዛዕባ ከም ሚኪኤል መጉልሒ ድምጺ ኮይነ ከዋዓውዖ ኣይደልንየ ዝብል ኢዩ።

ኣብ ኣመሪካ ኣብ ደምበር ዝካየድ ዘሎ ፌስቲቫል ኣሕዋት ተጋሩ ንዓይላ ገዲፍካ ነቲ ኣብቲ ፌስቲቫል ብዛዕባ ንህልውን መጻእን ፖለቲካ ትግራይ ማእከል ንዝገበረ ብመራሕቲ ብምሁራን ብፖለቲከኛታት ዝተዋህበ ኩሉ መግለጺታት ልበይን እዝነይን ከፊተ ብዝግባእ ሰሚዐዮ ኢየ። ንምንታይ ንዝብል ሕቶ ይውሓድ ይብዛሕ ከም ሚኪኤል ፖለቲከኛ ኢየ።

ልዕሊ ዝኾነ ደስ ዝበለኒ ናይ ፕሮፈርሰር ዘርእሰናይ ምሁራዊ ለባም ሓሳብን መደምደምታን ኢዩ። ንህዝቢ ትግራይ ብዝኣረገ ጩካን ኣህላቒ መንገዲ ከነቖጵሎ ኣይከኣልን። ንጥሙሕ ሒደት ጨካናት ማርክሲስት መራሕቲ ህዝቢ ክሃልቕ ክመውት የብሉን ዝብል መደምደምትኡ ኢዩ። ዘስሓቕንን ዝገረመንን ድማ ናይቲ ብልቦና ዘይኮነስ ብዝህቦም ዳእላን ባጫን ኣሸሙራዊ ናይ ዋዛ ቃላትን ብሃውሪ ናብ ጫፍ ጥርዚ ስልጣን ዝደየበን ንለባም ህዝቢ ትግራይ ክመርሕ በትረስልጣን ዝጨበጠ ኣብ እንዳ ጫት ዝፈልጦ ጌታቸው ረዳ ኢዩ። ዓለም ጉራማይለ ኢያ። ህዝቢ ትግራይ ከም በዓል ፕሮፌሰር ዘርእሰናይ እናሃለው ብበዓል ደብረጽዮን ብበዓል ኣባይ ወልዱ ብበዓል ጌታቸው ረዳ ክምራሕ ዘሕዝን ኢዩ። ነቲ ናትካ ኮራርምቱ ዝረገፈ ሓርገጽ ገዲፍካ ንምንታይ ናብ ኢትዮጵያውያን ተጋሩ መራሕቲ ኢድካ ተወጣውጥ ዝብል ብተደጋጋሚ ካብ ዝመጽኣኒ ርእይቶን ነቐፌታን ኢዩ። ኢሳይያስ ንኽራኹር መራሕቲ ወያነ ዝፈጠረን ዘዕበየን ሰይጣውንቲ ንኽኾኑ ዝመሃሮም ሓለቓ ኣጋንንቲ ኢዩ። ኣጸቢቐ ይፈልጥን ብዙሕ ውን ጽሒፈሉን ኢየ። ከም ፖለቲከኛ ግን ንኢሳያስ ምስ ደብረጼን ገምጃዕ ምስ ኣባይ ገርጃዕ ምስ ጌታቸው ጋሕጣጢ ብሓደ ተወዳድሮ ፖለቲከኛ ኣይኮነን። ኢሳያስ ዝፈንተረ ቀታሊ ፖለቲከኛ ኢዩ።

ብዝኾነ ጌታቸው ከምቲ ልማዱ ንመን ንምህራምዩ ኣይፈለጥኩን ኩሉ  ጫውጫው ዝብልሲ ፖለቲካ ይሰርሕ ማለት ኣይኮነን። ሙዚቃ በበይኑ ጥሪምሪም ክብል የጽምመካ እምበር ኣይስሕበካንዩ። ሙዚቃ ሙዚቃ ዝኸውን ይብል ጌቾ ምስ ተወሃሃደ ኢዩ። እዝጊ ኣዘኣረበካ ጌቾ ነብሰይ ኢለዮ ብልበይ። ኩሉ ጫውጫው ዝበለ ኩሉ ዝወጨጨ ኩሉ ብስኹር ስሚዒት ውንኡ ዘህተፍተፈ ፖለቲካ ይሰርሕ ማለት ኣይኮነንን። ፖለቲካ ውሕጅ ዝኣኻኽቦ ዕሻሽ ምሻሽ ግፍጋፍ ዘይኮነስ ስጡም ውዳበ ኢዩ። ፖለቲካ ብስኹር ስሚዒት እናሸንፋለን ደብሪጽ ስዒሩ እናበልካ ሃተፍተፍ ዘይኮነ ዕላማኻ ብምንጻር ንረብሓኻ

ብእምነት ምቅላስ ኢዩ። ንረብሓ ካልኦት ዝግበር ህልኽ ዝወለዶ ዓገርገር ግን ክድዓትን ዓሰባነትን ኢዩ። እቲ ገለ ኣብቲ ናይ ጫውጫው ፈንጠዝያ ዝርእዮ ዘለኹ ከምኡ ኢዩ።

ከም ኣጋጣሚ እንተዘይኮይኑ ንዘየድልየኒ ነገራት ኣይሰምዕን ብፍጹም እውን ኣይከታተልን ኢየ። ብዙሓት ሙኩራት ነዚ ናይ ጫውጫው ቪድዮ ዝጎዛዝዩ ኣዕሩኽቲ ግን ኣለውኒ። እዘን ለጢፈየን ዘለኹ ንሶም ጎዛዝዮም ዝሰዱለይ ኢየን። ኣብቲ ዝብልዎ ዘለው ኣትየ ክትንትን ኣይደልን። ንደሱ ንደሳለ ወዲ ቀሺ በረኸትኣብ ግን ዕፉን ብሽፍኑ ኣገናዕ! ኢለዮ ኣለኹ ። ነቲ ብፍጹም ተዘኪሩ ዘይፈልጥ ክዝክርዎ ውን ዘይደልዩ ሰብ ንመሓሪ ተስፋሚካኤል ኣብ ከምዚ መድረኽ ምዝካሩን ደጊመ ኣገናዕ ይብሎ።

ንሓጂ ምእመር ቦኽረ ግን ባዕሎም እቶም ሊቃውንቲ ቁርኣን ሙሁራት ይመልስሉ። ንነብይ መሓመድ ዘዕበዮኦ ክርስትያን ሓበሻ ትግራወይቲ ኢየን ኢዩ ዝብል ዘሎሞ ነቲ ኣቡ ፋስ ዝበሃል ውን ሰጊርዎ እዚ ሰብኣይ። ከምቲ ጌቾ ዝበሎ ኢዩ ኩሉ ጫቕጫቕ ዝብል ፖለቲካ ኣይሰርሕን ኢዩ። ሓደ ካብቲ ተጎዝዩ ዝተሰደደለይ ቪድዮ ሰራዊት ኤርትራ ህዝቢ ኤርትራ ምኺኑ ኢዩ ኣብ ርእሲ ህዝቢ ትግራይ ጀኖሳይድ ዓመጽ ደቂ ኣንስትዮን ምርሰይ ንብረትን ወዘተ ከም ዝፈጸመ ንኣምን ዝብል መራሒ ውድብዩ!

ዋእ! ምውጫጭ ምሕሳው መሰል ክሳብ ዝኾነስ እንታይ ኢና ክንብሎ እሞ!? እቲ ዝገርም ፖለቲከኛታት ተጋሩ ነቲ ናይ ወያነ ተዋስኦ ገዲፎም ኣብ ካልእ ጉዳዮም ኢዮም ተጸሚዶም ዘለው። ተጋሩ እንተስ ተሓጊሶም ሓደው ንባህ ኣይበሎ ኣይፈልጥን ሰባት ዝሞትዎም እውን ኣይመስሉን ከም ዝዓበደ ኣብ ናይ ፈንጠዝያ ዳሰት ኢዮም ዝዓብዱ ዘለው። ህልቂት ጀኖሳይድ ዝተፈጸሞ ሕብረተሰብ 'ዶ ኣይ መንፈቕ ኣይዓመት ብኽምዚ  ንርእዮ ዘለና ዓይላታት ይዓብድዩ። ልዕሊ ሚልዮን ሰባት ብኹናት ሃሊቑ ንህዝቢ ትግራይ ንማዓሙቕ ሰልሚ ዘቕዚቖሞ። ሰለስተ ርብዒ መሬት ትግራይ ኣብ ትሕቲ እቶም ጸላእቲ ዝሰምይዎም ዝነበሩ ሰራዊት ኣብይ ኣሕመድ ኣትዩ ንራያን ውልቃይትን ጸለምትን ብጠላዕ ትምክሕቲ ወያነ ኣብሊዕካ ክንድዚ ዝተፈከረን ዝተሳዕሰዐንሲ... እንተ ዝስዕሩስ ከመይ ምኾኑ እንታይ ምበሉ ንዝብል ግን ሓጂ ቦኽረ ኢዮም ዝፈልጥዎ።

ከምቲ ቀዲመ ዝኣመትኩዎ ናይቲ ጫውጫው መዋዓውዒ መጉልሒ ድምጺ ክኸውን ኣይደልን ኢየ። ከም ሚኪኤል ግን ንኹሎም ብኤርትራ ዝግደሱ ብሓቂ ብወጽዓ ህዝቢ ኤርትራ ዝቕንዘውን ለባማት ተቓለስቲ እዚ ዝስዕብ መልእኽተይ ልቦም ከፊቶም ንኽሰምዕዎ ይምሕጸኖም።

ሰላም ካብ ገዛኻን ካብ ቤትካን'ዩ ዝጅምር ምስ ሓውን ወዲ ሓወብኡን ተባኢሱ ምስ ዘማ ንዘማ እንዳቦይ ሳሙኤል ዕርቀ ሰላም ክገብር ኢሉ ዓገርገር ዝብል ሰብ ንረኣይለይ እምበር

ብሕልና ውሽጡ ዝዓርፈሉ ናይ ጥዕናን ጥዑያትን ስራሕ ኣይኮነን።ኩሉ ዓዲ ንበሎ ወረዳ ምስ ጎደብኡ ብሰላም ብምርድዳእ ብምፍቓር ብምክብባር ክነብር'ዩ ዝደልይ። ከም ኣብነትየ ዘልዕሎ ዘለኹ። ንህዝቢ ራያን ንህዝቢ እንድርታን ምስ ህዝቢ ኣምሓራ ብፍላይ ውን ቆቦ ወልድያ ወሎ ሰላም እንተኾይንሉ ኢዩ ዝያዳ እቲ ምስ ኤርትራውያን ዝግበር ሰላም ዘርብሖ። ንህዝቢ ተምቤን ምስ ህዝቢ ኣገውን ቅማንትን ኣምሓራን ዕርቀ ሰላም እንተወረደ ኢዩ ዘርብሖ ንህዝቢ ጸለምቲ ወልቃይት ምስ ኣሕዋቱ ደቂ ጎንደር ቤጌምድር ሰላም እንተኾነ ጉዳዮም ብሰላም እንተ ዓረፈ ኢዩ ዘርብሖም። እቲ ካልእ ውን ከምኡ። ትግራይ ክንብል እንከለና ፖለቲካዊ ጥሙሕ ወያነ ንዝፈጠራን ዝደልያን ማለት ኣይኮነትን። ትግራይ ማለት ንዓጋመ ጥራይ ቖንጪልካ ኣይኮነን። ትግራይ ማለት ንእንድርታ ራያ በይኑ ገዚዕካ ኣይኮነን። እቶም ለባማት ተጋሩ ነቲ ቅኒት ዘይብሉ ብስኹር መንፈስ ዝተፈጥረ መሰረት ዘይብሉ ናይ ጫውጫው ፈንጠዝያ.. ዋናታት ስለ ዝኮኑ ልዕሌና ኣሰር ናይቲ ዝተኣሰረ ዓገርገር ነጺሩ ተራእይዎም ኢዩ። እቲ ውህደት ዝጎደሎ ዕላማ ኣልቦ ጫውጫው ልዕሊ ንኤርትራውያን ንተጋሩ ሓደግኡ ኣዝዩ ዝኸፈአ ምኻኑ እቶም ተጋሩ ባዕሎ ኣጸቢቖም ስለ ዝፈልጥዎ ዘሰክፍ የብሉን። ከምቲ ልሙድ ባዕሎም ንባዕሎም ከመጃረጡ ኢዮም። ኣብ መንጎ ህዝቢ ኤርትራን ትግራይን ኣብ መንጎ ህዝብታት ኢትዮጵያ ኣብ መንጎ ህዝቢ ኤርትራን ህዝቢ ኢትዮጵያን ሰላም ዝሰፍን ጥዕና ዘለዎ ፖለቲካዊ መድረኽን ጥዕና ዘለዎም ፖለቲከኛታትን ምስ ዝፍጠሩ ኢዩ።

ከባብያዊ ቁሽታዊ ፖለቲካ ግን ተመሊሱ ኢዩ ሽግራት ዝወልድ። ተጋሩ ክንከውን ኢና እንተኾይኑ እቲ ናይ ዕብደት ፈንጠዝያ.... ኣብኡ ዘፍለጠ ክሰልጠካ ድዩ ኣይክሰልጠካን ህዝቢ ክስዕበካ ድዩ ክነጽገካ ብቓልዕ ዕላማኻ ኣነጺርካ ምእዋጅ ኢዩ። እቲ ንዕዘቦ ዘለና ምስሊ እቶም ፈውሲ ዓይነት ክድዓት መሓወስታ ዓይኒ ዓተር ገዲፍካ ብጥራሽ ንኤርትራዊ ምስሊ ኣይውክልን ኣይገልጽንዩ። ኣረ ንህዝቢ ኣከሎግዛይ ኣይውክልን ኢዩ። ንዓድኻ ዲኻ ንቑሽትካ ኣእሚንካ ኣካል ክልል ትግራይ ኢትዮጵያ ክትከውን እንተ ትደሊ ሃሊኻ ነቲ መቕንዓት ኤርትራውነት ኣብዘየለውሉ መሸቀጥን መሕብእን ኣይትግበሮ እለዮ።ንህዝቢ ኣስመራ ክትጸርፍን ኣዝማሪኖ እናበልካ ፖለቲካ ነዳያት ክትሰርሕ ሕጊግ እናበልካ ኣስመራ ዓደይ ጻዕዳ እናበልካ ክትቆጻጸ ግን ብሓቂየ ዝብለኩም ናይ ነገር ጽላለ ኢዩ። ንተጋዳላይ ህዝባዊ ግምባር እናናሽኻ ብናይ ተጋዳላይ ዝተደርፈ ደርፍታት ክትለሀይ ምፍታን ዕብዳን ኢዩ። ላንጋ ላንጋ ንግዲ ኢዩ። በቲ ናትካ ሳዕስዕ። ብናትካ ኩራዕ። ናትካ ውን ፍጠር በቃ!

ኣብ መጠረሽታ ደጊመ ዝብሎ ዘረጋግጾ እንተሎ ፖለቲካ ብሰፊሕ ልቦና እኹል ፍልጠትን ንመላእ ህዝቢ ማእከል ብዝገበረን ብዕላማ ዝስራሕ ጥበብን ሳይንስን እምበር ብጽንጽዋይ ዝስራሕ ስራሕ ፍጹም ኣይኮነን።

ካልእ ናይ ኣጋጣሚ ክኸውን ይኽእል ወይ ውን ብመዘወር ናይ ህወሓት ክኸውን ይኽእል ርግጸኛ ኣይኮንኩን እቲ ናይ ጀርመን ጫውጫውን ናይ ደንበር ፌስቲቫል ተጋሩን ብሓደ ኢዩ ተኽፊቱ። ኣብ ደምበር ውን ንሰም ባዕሎም ዝሓረይዎም ናቶም ኢደበይዛ ዝኾኑ ኤርትራውያን ምስጡር ኣኼባ ብጌታቸውን መሳፍንቲ ወያነን ዝተመርሐ ዋዕላ ከም ዝተገብረን ጽላቕ ሓበሬታታት ኣሎ ኢዩ። ከይፈለጥኩ ክዛረበሉ ግን ኣይደልን ኢየ። ዋላኳ ጥጅእ መረብ ዩኒቨርስት እንተ ፈሸለ ወያነ በኪላ ዕባባ ኣዕቲራ እግሪ እግሪ ኤርትራዊ መልሚላ ዘዋፈረቶም ዓሰባ ከም ዘለው ምፍላጥ ግን ጽቡቕ ኢዩ። ንሰም ኢዮም ልዕሊ ተጋሩ ብወያነ ክቕንዘው ንርእዮም ዘለና። ንሰም'ዮም ብሽግር ትግራዋይ ድኳን ከፊቶም ክነግዱ ንርእዮም ዘለና። ንሰም ኢዮም ብሞት ትግራዋይ ክነግዱ ንርእዮም ዘለና።

ተጻሕፈ

**ብሚኪኤል እምባየ ኣራንቺ**

usa